NORRTÄLJE
KOMMUN

# መውዓሊ ህጻናት

ኮሙን ንኹሎም ካብ 1 ዓመት ዝዒድሚኦም ኣብ ሽወደን ዝነብሩን ትምህርቲ ዘይጀመሩን ቈልዑ መውዓሊ ህጻናት ክቕርበሎም ኣለዎ። እቲ ነቲ መውዓሊ ህጻናት ዘመሓድር “ዋና” ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብኖርተልየ ኮሙን ዝመሓደራ መውዕሊ ህጻናትን ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናትን ኣለዋ። ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናት፡ ብኮሙን ዘይኮነስ ኣብ ክንድኡ ንኣብነት ብሓደ ትካል ወይ ብሓደ ማሕበር ዝመሓደር መውዓሊ ህጻናት እዩ። እቲ ነቲ ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናት ዘመሓድር “ ብሕታዊ ዋና” ተባሂሉ ይጽዋዕ።

መውዓሊ ህጻናት ኣብ ትምህርቲ ውላድካ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ኾይኑ ብወለንታ ዝኽየድ ዓይነት ትምህርቲ እዩ። ተልእኾ ናይ መውዓሊ ህጻናት፡ ነቲ ናይ መላእ ህይወት ምህሮ ጽቡቕ ኩነታት ምፍጣር እዩ። ኣብ መውዓሊ ህጻናት፡ ሓልዮት፡ ምዕባለን ምህሮን ሓደ ምሉእነት ይፈጥሩ። ትሕዝቶ ናይቲ ምምሃርን ትምህርትን ዝበዝሓ ክፋሉ ምስ ካልኦት ህጻናትን ናይቲ መውዓሊ ህጻናትን መማህራንን ብሓባር ምጽዋት፡ ምምሃዝን ምድህሳስን ዝቖመ እዩ።

እተን ናይ መውዓሊ ህጻናት መምህራን ናይ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ዘለወን ኮይነን፡ እቲ ናይ መውዓሊ ህጻናት ስራሕ ንስርዓተ-ትምህርቲ Lpfö-18 ከም ዝኽተል ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለወን። ኣብ መውዓሊ ህጻናት ናይ ውላድኩም ዕብየትን ትምህርትን ንምድንፋዕ ካልእ ትምህርትን ተመኩሮን ዘለወን መምህራን እውን ኣለዋ። ንሳተን ንኣብነት ኣለይቲ ቈልዑ ወይ ካልኦት መምህራን ክኾና ይኽእላ እየን። ኲለን መውዓሊ ህጻናት ሓፈሻዊ ሓላፍነት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ዘለዋ ሓንቲ ርእሰ-መማህራን እውን ኣለወን።

መውዓሊ ህጻናት ኣብ መሰረታዊ ኣረኣእያ ናይ ኲሉ ሰብ ማዕረ ክብሪ ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ኣብ ኲለን መውዓሊ ህጻናትና ንሓደ ወግዒ-ፈጣሪ ኣገባብ ነጢፍና ንሰርሕ።

## ሕግታት - መምርሒ ሰነድ

ኲለን መውዓሊ ህጻናት ኮሙናዊ ይኹና ናይ ብሕቲ፡ ብሕጊ ትምህርትን ስርዓተ-ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናትን፡ Lpfö-18 እየን ዝምርሓ። ኣብቲ ስርዓተ-ትምህርቲ ብዛዕባ መውዕሊ ህጻናት ብኸመይ ከም ዝሰርሕን፡ ውላድካ ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ኣየናይ ዓይነት ምምሃርን ትምህርትን ክረክብ ክትጽበ ከም እትኽእልን ብዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ካብ 1 ጥሪ 2020 ኣትሒዙ ውዕል መሰላት ቈልዑ እውን ሓደ ክፋል ሕጊ ሽወደንን ንጥፈታት መውዓሊ ህጻናትን ዝመርሕ ነገርን ኮይኑ እዩ።

ስርዓተ - ትምህርቲ (Lpfö 18) ንመውዓሊ ህጻናት - ብዓል መዚ ትምህርቲ norrtalje.se/lpfo18

ውዕል መሰላት ቈልዑ - ዩኒሴፍ ሽወደን norrtalje.se/barnkonventionen

## ትጽቢታት ኣብ መውዓሊ ህጻናት

ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክጅምር ከሎ፡ ሓልዮት፡ ምዕባለን ምህሮን ሓደ ምሉእነት ክፈጥሩ ክትጽበ ትኽእል ኢኻ። እቲ መውዓሊ ህጻናት ንባህ ዘብልን ዳህሳስን ትምህርቲ ዝዕድም ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ሃዋህብ ክቕርብ ኣለዎ። እቲ ኣገባብ ስራሕ ስነ-ምምህርና ኣብ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ክብርታት ዝተሞርኮሰ ክኸውን ኣለዎ፡ ኣብ ትምህርቲ ውሉድካ ድማ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ኣብ ናይ ኖርታልየ መውዓሊ ህጻናት፡ ኵሎም ቈልዑን ወለድን ኣብ ተሳትፎን ጽልዋን ዝተመርኮሰ ሃዋህው ልባዊ ኣቀባብላ ክረኽቡ ኣለዎም። ኣብቲ ናትና መውዓሊ ህጻናት ትምህርቲ ዘለወን መማህራን መውዓሊ ህጻናትን ኣለይቲ ቈልዑን፡ ከም'ውን ርእሰ-መምህራንን ይሰርሓ። ኣብዚ ካልኦት ሞያውያን ጕጅለታት ከም ምኽትል ርእሰ-መማህራን፡ ተተካእቲ ሰራሕተኛታት፡ ተምሃሮ፡ ናይ ክሽነን ጽሬትን ሰራሕተኛታት ዝኣመሰሉ እውን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኵሎም ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝሰርሑ፡ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።

ከም ወላዲ መጠን እተን መማህራን ምሳኻ ክፉት ርክብ ክህልወንን ንውላድካ ዝምልከት ገለ ነገር ምስ ዘጋጥም ክሕብራኻን ትጽቢት ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

## ከም ወላዲ መጠን ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ ትጽቢታት

ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ምስ ጀመረ፡ ኣብቲ ንህቦ ሓበሬታ ተሳታፊ ክትከውንን ነቲ ዘሎ ሕግታትን ልሙድ ኣሰራርሓን ክትክተሎ ካባኻ ንጽበ። ንስኻ፡ ንሕና እውን ወትሩ ኣድህቦና ኣብ ናይቲ ቈልዓ ረብሓ ክኸውንን ኣብ መንጎና ዘሎ ምትሕብባር ባህርያዊ ክኸውንን ንጽበ። ከም ወላዲ መጠን ብዛዕባ ንውላድካ ዝምልከት ክንፈልጦ ዘድልዩና ነገር ምስ ዝህሉ ወይ ክህልወካ ንዝኽእል ሓሳባትን ሕቶታትን ብምሕባር ምስ መውዓሊ ህጻናት ክትተሓባበር ንደሊ ኢና። ኵሎም ቈልዑ ምስ ኣዕርኽቶም ብሓባር ንኽመሃሩ፡ ክጻወቱን ክምዕብሉን ዕድል ንኽረኽቡ፡ ውላድካ ጥዑይ ክኸውንን ኣብቲ መውዕሊ ህጻናት ዝቐርቦ ትምህርትን ንጥፈታትን ንኽሳተፍ ሓይሊ ክህልዎ ትጽቢትና እዩ። ውላድካ ብሰንኪ ሕማም ወይ ዕረፍቲ ኣብ ገዛ ምስ ዝኸውን እውን ብኣጋ ክትሕብረና ንጽበ ኢና። ብዝኾነ ምኽንያት ከም ንኣብነት ውላድካ ምስ ዝሓምም እሞ እተን መማህራን ከም ወላዲ መጠን ምሳኻ ርክብ ኣብ ዝገብራሉ ግዜ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍካ ውላድካ ንኽትወስድ ክትመጽእ ንጽበ ኢና።

## መላለዪ

እቲ መጀመርታ ግዜ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ንውላድካን ንዓኻን ከም ወላዲ መጠን ኣገዳሲ ናይ መላለዪ ግዜ እዩ። እዚ ኣብቲ መጻኢ መዓልታዊ ህይወት ናይ ውሉድካ ዝኸውን ክትሳተፍ ዓብዪ

NORRTÄLJE KOMMUN

ዕድል ማለት እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ብዛዕባ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ከመይ ገርና ከም እንሰርሕ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ። እተን መማህራን እውን ብዛዕባ ድሌታት፡ ተገዳስነትን ተመኩሮን ክትነግረን ይደልያ እየን። ሽዑ እተን መማህራን ምእንቲ ውላድካ ንጸወታን ምህሮን ዝበለጸ ኲነታት ክፍጠረሉ ነቲ ትምህርቲ ንምውጣንን ንምውዳብን ዝዓበየ ተኽእሎ ይረኽባ።

ዝተፈላለያ መውዓሊ ህጻናት ነቲ ናይ መላለዪ ግዜ ብዝተፋላለየ መንገዲ የዳልዋ፡ ናይ ሓባር ረቋሒ ግን ኲሎም ህጻናት ፍሉያት ስለ ዝኾኑ እቲ ናይ መላለዪ ግዜ ተዓጻጻፍን ብፍሉይ ንውላድካ ከም ዝሰማማዕን ክኸውን እዩ። እቲ ናይ መላለዪ ግዜ ኣስታት ክልተ ሰሙን ክወስድ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ኣእትዎ፡እንተ ኾነ ዝሓጸረን ዝነውሓን ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ውላድካ ናይ መውዓሊ ህጻናት ቦታ ቀረብ ምስ ተዋህቦ ክልቲኦም ወለዲ ኣብ ውሽጢ 8 መዓልታት ነቲ ቦታ ከም ዝቕበልዎ ክሕብሩ የድልዮም እዩ። ድሕሪኡ እቲ መውዓሊ ህጻናት ብሓባር ከም ወላዲ መጠን ምሳኻ ኾይኖም እቲ ናይ መጀመርታ ግዜ ከመይ ክመስል ምኺኑ መደብ ክገብሩ እዮም።

## ዝፍርም ሰነዳት

ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክጅምር ከሎ፡ ሓደ ሓደ ሰነዳት/ቅጥዕታት ክትመልእን ክትፍርመሉን ኣገዳሲ ክኸውን እዩ። እተን መማህራን ውላድካ ገለ ነገር እንተ ኣጋጢምዎ ከምይ ገይረን ከም ዝረኽባኻ፡ ከምኡ'ውን ውላድካ ንኣብነት ፍሉይ መግቢ፡ መድሃኒት ወይ ተመሳሳሊ ነገራት ዘድልዮ እንተ ኾይኑ ንኽፈልጣ፡ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ነቶም ሰነዳት ክትመልኦም ኣገዳሲ እዩ። ከም ወላዲ መጠን ኣብቲ ብፍላይ ብዛዕባ ውላድካ ዝሕተም ጽልዋን ተሳትፎን ክህልወካ እውን ኣገዳሲ እዩ።

## ምስናድ - ሓበሬታ

ኲለን ኣብ ሽወደን ዝርከባ መውዓሊ ህጻናት ብመሰረት ስርዓት-ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናት፡ Lpfö-18፡ ናይ ነፍስ ወከፍ ቈልዓ ምዕባለን ትምህርትን ብቐጻሊን ሜላውን ኣገባብ ክከታተላ፡ ክስንዳን ክትንትናን ግዴታ ኣለወን ። እዚ ዝግበረሉ፡ እተን መማህራን ምእንቲ ከመይ ገይረን ናይቲ መውዕሊ ህጻናት ምዕባለ ብሉጽነት፡ ነቲ ትምህርቲ ከመሓይሽኦን ኲሎም ቈልዑ ንኽምዕብሉን ክምሃሩን ብዝበለጸ መንገዲ ከመይ ገይረን ክሰርሓ ከም ዘለወንን ክርእያ ንኽኽእላ እዩ።

ናይ ኖርተልየ ኮሙን ኮሙናዊ መውዓሊ ህጻናትን ሓያሎ ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናትን፡ ንሓበሬታ፡ ርክባትን ምስናድን ዲጂታላዊ መምሃሪ መድረኽ ይጥቀማ። ኣብዚ ኣብቲ ንውላድካ ዝወሃቦ ትምህርቲ ጽልዋ ንኽህልወካን ክትሳተፍን ዕድል ይውሃብ። ካልኦት ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናት ስነዳን ሓበሬታን ዝዝርግሓሉ ካልእ መንገዲ ኣለወን።

NORRTÄLJE KOMMUN

## ዝርርብ - ምትሕብባር ኣብ መንጎ ገዛን መውዓሊ ህጻናትን

ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክጅምር ከሎ፡ እተን መማህራን ብዛዕባ ናይ ውላድካ ድልየታት፡ ተገዳስነትን ተመኲሮን ክፈልጣ ኣገዳሲ እዩ። ከም ወላዲ መጠን ኣብ እዋን ምልላይ ወይ ኣብ እዋን ዝርርብ ነተን መማህራን ብዛዕባ ናይ ውላድካን ናቱ ድልየታትን ክትነግረን ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ እቲ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓመት ብዛዕባ ናይ ውላድካ ምዕባለን ትምህርትን ንዝምልከት ዝርርብ ንምግባር ዕድል ይህብ እዩ። እዚ ዝርርብ “ዝርርብ ንምዕባለ” ዝብሃል ኮይኑ፡ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣብ መዓልታዊ ህይወት ናይቲ ቈልዓ ምትሕብባር፡ ተሳትፎን ኣስተብህሎን ዝፈጥር መንገዲ እዩ። ኣብቲ ዝርርብ እቲ ኣድህቦ እተን መማህራንን ንስኻን ከም ወላዲ መጠን፡ ውላድካ ካብ ተገዳስነቱን ድልየታቱን ተመርኲሱ ንኽምዕብል እቲ መውዓሊ ህጻናት ከመይ ገይሩ ዝበለጸ ኩነታት ንኽፍጠር ምግምጋም እዩ። ኣብ መንጎ መውዓሊ ህጻናትን ገዛን ዘሎ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ርክብ፡ እቲ መዓልታዊ ንውላድካ ናብ መውዓሊ ህጻናት ከተምጽኦን ካብኡ ክትወስዶን ከለኻ ዝግበር ርክብ እዩ። ሽዑ ውላድካ ከመይ ከም ዝወዓለ ሓበሬታ ትረክብ፡ እተን መማህራን ብዛዕባ ንውላድካ ዝምልከት ክፈልጥኦ ዘድልየን ምስ ዝህሉ ድም ነቲ መውዓሊ ህጻናት ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ።

## ክፉት ሰዓታት

ኣብ ኖርተልየ ኮሙን ዝርከባ መውዓሊ ህጻናት፡ ኣብ መዓልቲ እንተ ወሓደ ን12 ሰዓታት ክፉታት ክኾና ኣለወን። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ሰዓታት ኣብ መንጎ ሰዓት 6.00 - 18.00 ወይ ሰዓት 6.30-18.30 ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ እዩ። ካብዚ ፍሉያት ዝኾኑ ማለት እቲ መውዓሊ ህጻናት ዕጹው ዝኾነሉ፡ ኲሎም ህዝባዊ በዓላትን ከምኡ'ውን መንፈቕ ክረምቲ፡ ድሮ ልደትን ድሮ ሓድሽ ዓመትን እዮም።

ኖርተልየ ኮሙን ነቶም ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታቶም ምሸት፡ ለይቲ ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን በዓላትን ዝኾነ ወላዲ እውን ኣብ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሓልዮት -ቈልዑ (መውዓሊ ህጻናት) ይቕርብ እዩ። ኣድላይነት ሓልዮት ህጻናት ኣብ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ እንተ ወሓደ ንኽልተ ወርሒ ቀጻልነት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ኣድላይነት ብስሩዕ እንተ ወሓደ ኣብ ወርሒ ኣብ ክልተ ግዜ ዝድገም፡ ከምኡ'ውን እቲ ኣድላይነት ብማእከላይ ገምጋም ኣብ ወርሒ እንተ ወሓደ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰዓት ክበጽሕ ኣለዎ።

## መፅጸዋት

እቲ መውዓሊ ህጻናት ንናይ ሰራሕተኛታት ትምህርቲ፡ ግምገማን ናይ ብሉጽነት ስራሕን ኣብ ዓመት ኣርባዕተ መዓልታት ክዕጾ ተኽእሎ ኣሎ። ብተወሳኺ እቲ መውዓሊ ህጻናት ንናይ ስራሕ ቦታ ኣኼባን ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ መማህራን ኣኼባታትን ኣብ ወርሒ ሓንቲ መዓልቲ ክዓጹ መሰል ኣለዎ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚታት እተን መማህራን ነቲ ንቈልዑ ዝህበኦ ትምህርቲ

NORRTÄLJE KOMMUN

መደብ የውጽኣ፡ ይውድባን ይግምግማን። እዚ ድማ ብቐጻሊ ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ንጥፈታት ንምምዕባልን ንምምሕያሽን እዩ። እታ ርእሰ-መማህራን እዘን መዓልታት መዓስ ምዃነን ኣቐዲማ ብኣጋ ክትሕብር እያ፡ ውላድካ ዕረፍቲ ንኽወስድ ተኽእሎ ዘይብልካ እንተ ኾይኑ፡ እታ ርእሰ-መማህራን እቲ ቈልዓ ሓልዮት (መውዓሊ ህጻናት) ከም ዝህልዎ ተረጋግጽ። ንውላድካ ዕረፍቲ ንኽወስድ ከተዳልወሉ ዘይትኽእል ምስ እትኸውን እንተ ወሓደ 2 ሰሙን ኣቐዲምካ ሓብር።

## መደብ ግዜ - ህላወ - ብኲራት

ከም ወላዲ መጠን ነቲ መውዓሊ ህጻናት ዝጥቀምሉ ንመደብ ግዜ ከምኡ'ውን ንህላወን ብኹራትን ሓበሬታ መውሃቢ ዲጂታላዊ ስርዓት ክትጥቀም ኣለካ። ነፍሲ ወከፍ መውዕሊ ህጻናት ንዓኻ ከም ወላዲ መጠን ከመይ ገርካ መደብ ግዜ፡ ህላወን ብኲራትን ከም ዝግደፍ ክሕብረካ ሓላፍነት ኣለዎ። እተን መማህራን ንኹሎም ቈልዑ ጽቡቕ ትምህርትን ሓልዮትን ንኽህባ መደብ ንኸውጽኣን ክውድባን ንኽኽእላ ናይ ውላድካ መደብ ግዜ ክፈልጣ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ናይ ውላድካ መደብ ግዜ፡  ምስ ትሰርሓሉ ግዜ ወይ ትምሃረሉ ግዜን ከምኡ'ውን ካብን ናብን ስራሕ ዝወስደልካ ግዜን ዝዳረግ ክኸውን ኣለዎ። ። ካብ ስራሕ ናጻ ትኾነሉ መዓልቲ ወይ ዓመታዊ ዕረፍቲ ወሲድካ ምስ ትህሉ፡ ውላድካ እውን ዕረፍቲ ክኸውን ኣለዎ። እቲ መደብ ግዜ ኣቐዲምካ ብኣጋ ክትሕብር ኣለካ፡ ኣብ'ቲ መደብ ግዜ ናይ ግድን ለውጢ ክግበር ምስ ዘድሊ፡ እቲ ለውጢ ቅድሚ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ እንተ ወሓደ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ክግበር ኣለዎ። ኣብ እዋን ሕማም፡ እተን መማህራን ክንደይ ቈልዑ ክመጹ ትጽቢት ከም ዘሎ ምእንቲ ክፈልጣ ኣንጊህካ ክሕበር ኣለዎ። ከም ወላዲ መጠን ነቲ መውዓሊ ህጻናት ብመሰረት እቲ ኣብኡ ዘሎ ልሙድ ኣሰራርሓ ትሕብር።።።

ውላድካ ካብ መውዓሊ ህጻናት ከም ወላዲ መጠን ብኣኻ ወይ ንስኻ ከም ዝወስዶ ዝረቛሕካዮ ሰብ ጥራይ እዩ ክውሰድ ዝኽእል። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ መውዓሊ ህጻናት ብዛዕባ ድሕነት ውላድካ ስለ ዝግደስ እዩ።

## ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጽንሓሉ ንውሓት ግዜን ክፍሊትን

ኣብ ኤድለቦ ኣፕ ከም ወላዲ መጠን ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጸንሓሉ ንውሓት ግዜ ትሕብር። እዚ ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጸንሓሉ  ማእከላይ ገምጋም ግዜ እምበር ናይቲ ቈልዓ መደብ ግዜ ኣይኮነን። ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ምስ ዘድሊ ነቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጽንሓሉ ግዜ ኣብ ኤድለቦ ኣፕ ናይ ምቕያር ሓላፍነት ኣለካ። ይኹን እምበር ዓመታዊ ዕረፍቲ ወይ ካልእ ዕረፍቲ ነቲ ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጽንሓሉ ግዜ ንምቕያር ምኽንያት ኣይኮነን። ክፍሊት ብመሰረት ድምር ጠቕላላ ኣታዊ ወለድን እቲ ቈልዓ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጸንሓሉ ንውሓት ግዜን እተመርኰሰ እዩ። እቲ ቈልዓ ካብታ ሰለስተ ዓመት ዝመልኣላ ወቕቲ ትምህርቲ

ቀውዒ ጀሚሩ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ካብ ክፍሊት ናጻ ዝኾነ ቦታ ክወሃቦ መሰል ኣለዎ። ብዝሒ ሰዓታት ኣብ ዓመት 525 ሰዓታት ኮይኑ፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ወቕቲ ትምህርቲ እዩ ዝኽተል። ኣብ እዋን ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ዝኾነ ጻንሖት ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣይፍቀድን እዩ። እታ ርእሰ-መማህራን ነቲ ናይ መውዓሊ ህጻናትን ናይቲ ቈልዓን ረብሓ ኣብ ግምት ኣእትያ ነቲ መዓልታት ትውስኖ።

## ቀጻሊነት

ውላድካ ምስ የዕሩኽቱን መማህራንን ዘለዎ ርክብ ንምዕቃብን፡ ነቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ንምክትታል ዕድል ንኽረክብን ድሕሪ ምልላይ ብቐጻሊ ናብ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ኣገዳሲ እዩ። ይኹን'ምበር መውዓሊ ህጻናት ብወለንታ ዝኽየድ ዓይነት ትምህርቲ ስለ ዝኾነ፡ ውላድካ ዕረፍቲ ወሲዱ ኣብ ገዛ ከተጽንሖ ወይ ንዕረፍቲ ክገይሽ እንተ ኾይኑ ነፍስ ወከፍ ስድራ ባዕላ እያ እትውስን። ውላድካ ዕረፍቲ እንተ ኾይኑ ነቲ መውዓሊ ህጻናት ክትሕብር ኣገዳሲ እዩ። ነቲ ናይ መውዓሊ ህጻናት ቦታ ን1 ወርሒ ናይ ውላድኩም ብኩራት ከይሓበርኩም ምስ ዘይትጥቀምሉን፡ እቲ ቦታ ይስረዝ። ኣብ ከምዚ ኵነት ካብቲ መውዓሊ ህጻናት መልእኽቲ ክመጸካ እዩ፡ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ቦታ መግደፊ ግዜ መሰማዕታ ድማ ኣለካ። ውላድካ ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ 3 ኣዋርሕ ከብኩር እንተ ኾይኑ፡ ነቲ ናይ ውላድካ ቦታ ክትዕቅብ ንምኽኣል ነቲ መውዓሊ ህጻናት ብጽሑፍ ክትሕብር ኣለካ።

## ናይ ቦታ መግደፊ መሰማዕታ

ብገለ ምኽንያት ነቲ ናይ ውላድካ ናይ መውዓሊ ህጻናት ቦታ ክትገድፎ ምስ እትደሊ፡ ነዚ ኣብቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት (e-tjänsten) ንወለዲ ወይ ኣብ ናይ ኖርተልየ ኮሙን ማእከል ርክብ (kontaktcenter) ጥራይ ኢኻ ክትገብሮ እትኽእል። ከም ወላዲ መጠን ንውላድካ ሓደ ናይ መውዓሊ ህጻናት ቦታ ሕራይ ብምባል እንተ ተቐቢልካዮ፡ ነቲ ቦታ ክትጥቀመሉ ጀምር ኣይትጀምር ብዘየገድስ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ቦታ መግደፊ መሰማዕታ ግዜ ኣለካ። ይኹን'ምበር ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ነቲ ናይ ቦታ መግደፊ መሰማዕታ ክትጠዓሰሉ መሰል ኣሎካ። ነቲ ቦታ ተጠቀመሉ ኣይትጠቀመሉ ብዘየገድስ ኣብቲ ናይ ቦታ መግደፊ መሰማዕታ ግዜ ክፍሊት ናይ መውዓሊ ህጻናት ክኽፈል ኣለዎ። 30 ሰነ እቲ ቈልዓ ወዲ 6 ዓመት ዝኾነላ ዓመት፡ እቲ ቦታ ብቐጥታ ይግደፍ።

## ሕማም

ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ምስ የዕሩኽቱ ኣብ ጸወት፡ ንጥፈታትን ትምህርትን ክሳተፍ ንኽኽእል፡ ናይ ግድን ጥዑይ ክኸውን ኣለዎ። ብዝተኻእለ መጠን ሕማማትን ዝርግሐ ለብዒን ንምውጋድ፡ ውላድካ ኣብቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝወሃብ ትምህርትን ጸወታን ንኽሳተፍ ሓይሊ ዘይብሉ ምስ ዝኸውን ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣገዳሲ እዩ። ኣብተን ቀዳሞት ዓመታት ቈልዑ ብዙሕ ረኽሲ ክሕዞም ልሙድ እዩ።

NORRTÄLJE KOMMUN

ኣብ 1177 ብዝያዳ ኣንብብ። 1177 ቮርድጋይደን

## ባዕለ ክንክን - ምስክር ወረቐት ሓኪም

ኣብቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝጸንሕሉ እዋን ንሓጺር ወይ ነዊሕ ግዜ ክንክን ሕማምን ወይ ፍወሳ ዘድልዮም ቈልዑ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ድሌት እዚ ኣብ ውላድካ ምስ ዝህሉ፡ ኣተሓሕዛ እዚ ጉዳይ ኣብ መንጎ ኮሙናዊ መውዓሊ ህጻናትን ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናትን ክፈላለ ስለ ዝኽእል፡ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምስ ዝምልከቶ መውዓሊ ህጻናት ክትዘራረብ ኣገዳሲ እዩ። ነተን ኮሙናዊ መውዓሊ ህጻናት ንዝምልከት፡ ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን፡ ዝተወሰነ ክንክን ሕማም ወይ ፍወሳ ከም ዘድልዮን ብኸመይ ከም ዝተወጠነን ዘርኢ ምስክር ወረቐት ሕኪም የድሊ እዩ። እዚ ወረቐት ምስክር ነታ ርእሰ-መማህራን ክወሃብን እቲ ክንክን ኣብ መውዓሊ ህጻናት ብኸመይ ከም ዝፍጸም መሰረት ክኸውንን ኣለዎ።

እቲ ስጉምቲ ባዕለ ክንክን ድዩ ኣይኮነን ዝግምግሙ ፍቓድ ዘለዎም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና እዮም፡ ስለዚ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ኣይኮንካን ነቲ ግምገማ ክትገብሮ እትኽእል። (ባዕለ ክንክን ኣብ መውዓሊ ህጻናት/ቤት ትምህርቲ፡ ኖርተልየ ኮሙን 2018)

## ምስኣል - ፊልም ምልዓል

ብመሰረት ስርዓተ-ትምህርቲ መውዓሊ ህጻናት፡ Lpfö-18 ኵለን መውዓሊ ህጻናት ምዕባለን ትምህርትን ቈልዑ ክስንዳ ኣለወን፡ ኣብ ከምዚ እዋን መብዛሕትኡ ግዜ ምስኣልን ፊልም ምልዓልን ከም መሳርሒ ይጥቀማሉ። ናይ'ቶም ቈልዑ፡ ወለድን መማህራንን ሰብኣዊ ክብረት ንምሕላው እቲ ስነዳ ኵሉ ግዜ ብናይ መውዓሊ ህጻናት መሳርሒ ዝግበር ኮይኑ፡ ኣብቲ ስእሊን /ወይ ፊልምን ክህልዉ እንተ ደልዮምን መዓስን ባዕሎም ናይ ምውሳን መሰል ኣለዎም። ስለዚ እዩ ንዓኻ ከም ወላዲ መጠን ንኸልኦት ቈልዑ ክትስእል ወይ ፊልም ከተልዕል ወይ ብዝኾነ ካልእ መንገዲ ናይቶም ቈልዑ ስም ኣብ ዝተለጠፈሉ ወይ ስእሊ ቈልዑ ኣብ ዘለወሉ ብምስኣል ወይ ፊልም ብምልዓል መንነቶም ከተቃልዕ ዘይፍቀደካ። እዚ ኣብ ውሽጢ መውዓሊ ህጻናትን ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ቀጽሪን የገልግል። ካብቲ መውዕሊ ህጻናት ዝጥቀመሉ ዲጂታላዊ መምሃሪ መድረኻት ሻሽ ስእሊ (ስክሪን ሻት) ምውሳድ እውን ኣትፍቀድን እዩ።

## ግዴታ ስቱርነትን - ምዕቃብ ምስጢርን

ኵሎም ሰራሕተኛታት መውዓሊ ህጻናት ኣብ ግዴታ ስቱርነትን ምዕቃብ ምስጢርን እቱዋት እዮም። ነተን መማህራን ኣሚንካ ዝነገርካየን፡ ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ ንዘይምልከቶ ሰብ ኣሕሊፈን ክነግርኦ ክልኩል እዩ። ስለዚ ከም ወላዲ መጠን ብዛዕባኻን ስድራ ቤትካን ዝገልጽ ሓበሬታ ካብ መውዓሊ ህጻናት ከም ዘይወጽእ ውሕስነት ክስምዓካ ክኽእል ኣለዎ።

NORRTÄLJE KOMMUN

## ናይ ምምልክታ ግዴታ - ምትሕብባር መውዓሊ ህጻናት ምስ ማሕበራዊ ኣገልግሎት።

ኣብ ሽወደን ኵለን ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝሰርሓ ሰባት፡ እተን መማህራን ሓደ ቈልዓ ኣብ ገዛ ጽቡቕ የለን ኢለን ምስ ዝሻቐላ ወይ እቲ ቈልዓ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ዘመልክት ነገር ምስ ዝህሉ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከመልክታ ኣለወን ዝትርጉሙ ሓደ ሕጊ ይምልከተን እዩ። እዚ ናይ ምምልካት ግዴታ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምእንቲ እቲ ቈልዓ ጽቡቕ ክህሉ፡ ዘሎ ደገፍን ሓገዝን ብምሃብ ኣብ ጸገም ንዝርከቡ ስድራ ቤታት ክሕግዙ ንኽኽእሉ ተባሂሉ ዝተገብረ እዩ።  እቲ ምምልካት ምስ ተገብረ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት እዩ ሓላፍነት ወሲዱ እቲ ቈልዓን እታ ስድራ ቤትን እንታይ ዓይነት ሓገዝ ክወሃባ ከም ዝኽእል ዝምርምር።

## መድሕን

ኣብ ኖርተልየ ኮሙን ኵሎም ኣብ መንጎ 0 - 19 ዝዕድሚኦም ኣብቲ ናይ ኮሙን ህዝባዊ መዝገብ ምዝጉባት ዝኾኑ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ብሓባራዊ መድሕን ሓደጋ፡ መድሕን እቱዋት እዮም። ዋላ እቶም ኣብ ናትና ኮሙን ህዝባዊ መዝገብ ምዝጉባት ዘይኮኑ ግን ኣብ ገለ ካብተን ኣብዚ ዝርከባ መውዓሊ ህጻናት ዝኸዱ ቈልዑ እውን መድሕን እቱዋት እዮም። እዚ ነተን ኮሙናዊን ናይ ብሕትን መውዓሊ ህጻናት ይምልከትን እዩ።

## ክዳውንቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት

እቲ መውዓሊ ህጻናት ዝበዝሓ ክፋል ትምህርቲ ኣብ ደገ እዩ ዝካየድ። እዚ ድማ ዓመት ምሉእ ብጸወታን ባህ ዘብል ትምህርቲን ይፍጸም። ስለዚ፡ ክዳውንቲ ውላድካ ንናይ ደገ ጸወታ ዝሰማምዑ ማለት፡ ልስሉሳት፡ ሰፋሕትን ግብራውያንን ከምኡ'ውን ብቐሊሉ ክትለብሶምን ከተውጽኦምን ትኽእል ክኾኑ ኣለዎም። ቈልዑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ስለ ዝጥልቅዩ፡ ውሉድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ቅያር ክዳውንቲ ክህልዎ ኣገዳሲ እዩ። ምእንቲ እተን መማህራን፡ ቈልዑን ንስኻን ከም ወላዲ መጠን ናይቲ ቈልዓ ክዳውንቲ ብቐሊሉ ክትረኽቦን ኣብ ጌጋ ቦታ ከይኮኑ ዘሎ ተኽእሎ ንምንካይን፡ ነቲ ክዳውንትን መሳርሒታትን ብንጹር ምልክት ግበረሉ።

## መግቢ

ኖርተልየ ኮሙን ኵለን ኮሙናዊ መውዓሊ ህጻናት ዝስዕብኦ ሓደ ናይ መግቢ ፖሊስን መምርሒን ኣውጺኡ ኣሎ። ኣብኡ ዘለ ራእይ፡ ኣብ ጥቓ እቶም ቈልዑ ዝርከብሉ ዝኽሽን ጽቡቕ፡ መኣዛ ዝመልኦን ባህ ዘብልን መግቢ ምቕራብን፡ ንዘላቒ ምዕባለ ምብርካትን እዩ። እተን ናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናት ነቲ መምርሒ ክስዕብኦ ኣይግደዳን እየን፡ ኣብ ክንድኡ ናይ ገዛእ ርእሰን ከዳልዋ ይኽእላ እየን። ኣብ ኵለን መውዓሊ ህጻናት፡ ኮሙናዊ ይኹና ናይ ብሕቲ፡ መግቢ ካብ ክፍሊት ናጻ ኾይኑ፡ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ድማ ኣማራጺ መግቢ ይቕረብ እዩ።። ከም ወላዲ መጠን ኣብቲ ናይ

NORRTÄLJE KOMMUN

ምልላይ ግዜ ውላድካ ኣማራጺ መግቢ ዘድልዮ እንተ ኾይኑ ኣብ ሓንቲ ሰነድ/ቅጥዒ መሊእካ ክትሕብር ኢኻ። ውላድካ ብመግቢ ዝስዕብ ናይ ኣካላት ዘይምቕብባል (ኣለርጂ) ምስ ዝህልዎ፡ ከምኡ ምኳኑ ዘረጋግጽ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት የድሊ እዩ።

## ጨርቂ ሸንቲ-ቄልዓ

ኣብ ኵለን ናይ ኖርተልየ ኮሙን መውዓሊ ህጻናት፡ ጨርቂ ሸንቲ-ቄልዓ ብናጻ ዝወሃብ ኮይኑ፡ በታ ዝምልከታ መውዓሊ ህጻናት ወይከባቢ መውዓሊ ህጻናትይእዘዝ።

## ርክብ ሕቶታትን ስክፍታታትን ምስ ዝህልወካ

ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ፡ ዋና ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ንነፍስ ወከፍ ጥርዓን ዝቕበልን ዝምርምርን ልሙድ ኣሰራርሓ ክህልዎን፡ ምናልባት ጉድለት ምስ ዝህሉ ድማ ክእርሞ ግዴታ ኣለዎ። እቲ ልሙድ ኣሰራርሓ ብጽሑፍን እቶም ጥርዓን ከቕርቡ ዝደልዩ ሰባት ድማ ጽቡቕ ገይሮም ዝፈልጥዎን ክኸውን ኣለዎ። ብዛዕባ እቲ ውላድካ ዝኸዶ መውዓሊ ህጻናት ዝምልከት ርእይቶ ወይ ጥርዓን ምስ ዝህልወካ፡ ርእይቶኻ/ጥርዓንካ ብቐጥታ ናብቲ መውዓሊ ህጻናት ብምቕራብ ክትጅምር ይግብኣካ።

በቲ እተዋህበካ መልሲ ወይ ዝተገብረ ለውጢ ዕጉብ ምስ ዘይትኸውንምስ ርእሰ-መማህራን ወይ ምኽትል ርእሰ-መማህራን ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። እታ ርእሰ-መማህራንን/ ወይ ምኽትል ርእሰ-መማህራን ምስተን መማህራን ብሓባር ምናልባት ስጉምትታት ወይ ለውጥታት ክግበር እንተ ኾይኑ ክምርምራ እየን። እታ ርእሰ-መማህራን ንዓኻ ከም ወላዲ መጠን ነቲ ዝተወሰነ ከተፍልጠካ ሓላፍነት ኣለዋ።

ድሕሪኡ ጥርዓንካ ክትቅጽሎ እንተ ደሊኻ፡ ንኮሙናዊ መውዓሊ ህጻናት ንዝምልከት፡ ጥርዓንካ ናብ ሓላፊ ስርሓት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ። ንናይ ብሕቲ መውዓሊ ህጻናት ንዝምልከት፡ ምስ ዋና ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ማለት ምስ መሪሕነት ናይቲ ትካል ተራኸብ። ድሕርኡ ሓላፊ ስርሓት/ዋና ናይቲ ብሕታዊ መውዓሊ ህጻናት ነቲ ጥርዓን ይቕበሎን እቲ ጉዳይ ናይ ምምርማርን መልሲ ናይ ምሃብን ሓላፍነት ይወስድ። ኣብ ናይ ኖርተልየ ኮሙን መርበብ ሓበሬታ ንስኻ ከም ወላዲ መጠን እቲ መስርሕ ከመይ ከም ዝመስል ብዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ጥርዓን ናይ ምእታው ተኽእሎ እውን ኣሎ።

NORRTÄLJE
KOMMUN